# ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ መደበር ስደተኛታት

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**09.07.2005**

ብጻይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈትን፥ ብጻይ ኢድሪስ እስማዒል፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ወኪል ውድብ ኣብ ከሰላን ዝርከብዎ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብ6 ሓምለ 2005 ናይ ኣባላት ውድብ ኣኼባ፤ ብ7 ሓምለ 2005 ብርክት ዝበለ ህዝቢ እተሳተፎ ክፉት ኣኼባ ኣብ መደበር ስደተኛታት ሸገራብ፡ ኣካይዶም።

ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዛዕባ ህልዊ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ኩነታት ኤርትራን፤ ብዛዕባ ምምስራትን ዕላማታትን ንጥፈታትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፤ ብዛዕባ መንእሰያትን ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማትን ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ። መንእሰያት፡ ናይ መጻኢት ኤርትራ ተረከብቲ ሓላፍነት ከምዝኾኑ መጠን፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ከተኩሩን፤ ሰብኣዊ መሰላት ዝኽበረላን፡ ፍትሕን ማዕርነትን ዝሰፈና ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ምህናጽ ግዲኦም ከበርክቱን፤ ህዝቢ ኤርትራ ካብኦም ዝጽበዮ ሓላፍነት ክስከሙን ድማ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብጾት መሓመድ ዓሊ ኢብራሂምን ኢድሪስ እስማዒልን፡ ካብ ኣኼበኛታት ንዝቐረበሎም ሕቶታት መሊሶምን፤ ካብ ኣኼበኛታት ዝቐረበ ጠቓሚ ርእይቶታትን ለበዋታትን ሰሚዖምን።